# 2ይ ዋዕላ ቁጠባዊ ወፍሪ ኣብ ኤርትራ

ብዕለት 25/11/2012 ኣብ ዝተገብረ 2ይ ናይ ሕዝቢ ኣኼባታት ኣብ ሚላኖ ብቆንስል ኣቶ ሩእሶም ገብረግዮርጊስ፣ ኣብ ቦሎኛ ብሓላፊ ህዝባዊን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ትሕዝቶን ኣገዳስነትን ናይቲ ንዕለት 17ን 18ን ታሕሳስ ኣብ ከተማ ኣስመራ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ 2ይ ቁጠባዊ ዋዕላ፣ ኣፍልጦ ህዝቢ ንምዕባይን ንምዕማቑን ንዝሰፍሔ ተሳፍነትን፣ ኣብቲ ተኸፊቱ ዘሎ ዕድላት ናይ ወፍሪ፣ ዜጋታት ኣውፈርትን ተጠቀምትን ንክኾኑ ሰፊሕ መብርሂ ቀሪቡ፣ ንኹሉ ካብ ተኻፈልቲ ዝቐረበ ሕቶታት ድማ ዓጋቢ መልሲ ተዋሂብሉ።

ዜጋታት ነዚ ተኸፊትሎም ዘሎ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀምሉን ገንዘቦም ኣብ ሃገሮም ከውፍሩን ጽቡቕ ድሌት ከምዘሎዎም ብተስፋ ገሊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ

ኮሚቴ መድያን ዲፕሎማስን ኢጣልያ